**Öppna förskolan**
Förskoleförvaltningen

Göteborgs Stad



Tigrinja

# እንቃዕ ናብ ክፉት ቅድመ-ትምህርቲ ምምሕዳር ከተማ የተቦሪ ብደሓን መጻእኹም!

# እዚ ክፉት ቅድመ-ትምህርቲ እዩ።

እዚ ክፉት ቅድመ-ትምህርቲንስድራ ቤት  መራኸቢ ባይታ እዩ። ካብ 0-6 ዝዕድሜኦም ህጻናት ምስ ሞግዚቶም ወይ ካልእ ኣገዳሲ ዓቢ ሰብ ሓቢሮም ክውዕሉ ይዕደሙ። ንስኻ/ኺ ከም ዓቢ ሰብ ንውላድካ ይኹን ምስቶም ኣብ ትካልና ዘለው ብሓባር ሓላፍነት ክትወስድ ኣሎካ፡ እዚ ክፉት ቅድመ-ትምህርቲ ዘይክፈሎ ነጻ ኣገልግሎት እዩ።

## ኣብ ትካልና ዘለው ዝተፈላለዩ ዓይነት ንጥፈታት

ብመሰረት መምርሒ ምምሕዳር ከተማ የተቦሪ ቅድመ-ትምህርቲ፡ ንህጻናት ምምህርናን ማሕበራዊ ምንቅቃሕን ይዕድም።

እዚ ካኣ ንዕድመካ/ኪ፡

- ንኹሎም ስድራ ቤት ካብ 0-6 ዕድመ ዘሎም ህጻናት ብዘይምምልካት ናብ ትካልና ንኽመጹ።
- መደብ ዝተገበረሉ ጊዜ፡ ንፍሉያት ጉጅለ ብዘይምምልካት ክመጹ።
- ናይ ሓባር ንጥፈት፡ ንወለዲ ዝሕግዝ ኣስተምህሮ ኣመልኪትካ ምርካብ።

- ኣስተምህሮ ብዛዕባ ወለዲ ምኻን ካልእን።



ንስኻን ውላድካን ሓቢርኩም እትንጥፍሉን፡ ንውላድካ ህንጡይነትን ሸውሃት ትምህርቲ ዘነቃቕሕ ንጥፈታት ኣሎና። እዚ ናባና ምብጻሕ ከም ምድላው ኣብ ቅድመ-ትምህርቲ ወይ ሓልዮት ኣመሃህራ ንምግላጽ እዩ።

ንሕና ብዛዕባ ወለዲ ምኻን ዝሕግዝ ምኽርን ሓገዝን ክንህበካ/ኪ ንኽእል ኢና።

ኣብዚ ምስ ካልኦት ቆልዑን ዓበይትን ተራኺብካ ክትጻወት፡ ክትደርፍን ወይ ካኣ ምስኦም ክትውዕል ይካኣል እዩ።



**ንስድራ ቤት ዘተኮረ ሓገዝ**

እዞም ኣብ ክፉት ቅድመ-ትምህርቲ እንሰርሕ መምህራን ናይ ምስትምሃር ትምህርቲ ዝወሰድና ኢና።

ኣብዚ ቅድመ-ትምህርቲ ንስድራ ቤት ኣተኩርና ኢና ንሰርሕ። እዚ ማለት ንሕና ምስ ክፍሊ መዋልዳን፡ ክፍሊ ህጻናት BVC፡ ቤት ንባብን ምክልኻል ማሕበራዊ ጉዳያት ሓቢርና ንሰርሕ ኢና።

ንሕና ብዛዕባ ወለዲ ምኻን ዝሕግዝ ምኽርን ትምህርትን ንክትረክብ ንዕድም ኢና፡ ፡ንተወሰኺ ሓበሬታ፡ ብዛዕባ ወለዲ ምኻን ዝሕግዝ ኣፍልጦ ክትረክብ ኣብዚ ሊንክ ኣቲኻ ኣምብብ። goteborg.se/foraldrastod



## ክፉት ቅድመ ትምህርቲ ምርካብ።

ኣብ ከተማ የተቦሪ ኣስታት 20 ዝኾና መንግስታዊ/ኮሙናዊ ክፉት ቅድመ ትምህርቲ ኣለዋ። ነዚ ዝምልከት ሓበሬታ ኣብዚ ኣድራሻ ተመልከት፡ goteborg.se/oppnaforskolan

## ጥዑያት ዝኾንኩም ስድራቤት ብደሓ ምጹ

ህጻናት ምእንቲ ዓቅሚ ሃልይዎም ክጻወቱን ኣብ ንጥፈ ታት ክፉት ቅድመ ትምህርቲ ክሳተፉ ሙሉእ ጥዕ`ና ክህል ዎም ኣለዎ። ምእንቲ ሕማም ናይ ምዝርጋሕ ሓደጋ ንምቅ ናስ ክፉት ቅድመ ትምህርቲ መምርሒ መንግስታዊ ትካላት ይኽተላ እየን።

## ኩልኩላት ዝኮኑ ጥረታት ፉል

ቡንን ሻህን ኣብ ክፉት ቅድመ ትምህርቲ ክትገዝእ ትኽእል፡ ፡ንስኻ/ኪ ከም በጻሓይ ንዓኻ ትበልዖ ጣዕሞት ክትማላእ ትኽእል፡ ኮይኑ ግን ከም ፉል፡ ማንደልን ሰሳምን ዝኣመሳስሉ ቁጠ0 ዝፈጥሩ ጥረምረ ክትማላእ ኣይፍቀድን።

## ምምሕዳር ቅድመ ትምህርቲ

እዚ ምምሕዳር ቅድመ ትምህርቲ፡ ናይ ኣስታት 20 ዝኾና ክፉታት ቅድመ ትምህርቲ፡ ናይ 400 ዝኾና መንግስታዊ/ ኮሙናዊ ቅደመ ትምህርቲ፡ ከምኡ›ውን65 መዋእለ ህጻናትን ንኣስታት 25 000 ህጻናት ሓላፍነት ኣለው።

031-365 09 60

goteborg.se/forskola